Mödrahälsovårdsenheten

För sexuell och reproduktiv hälsa och rättigheter

ሓበሬታ-ሕክምና
- ንተሓከምቲ
ዝተገዝራ
ደቂኣንስትዮ

TIGRINJA

ሓበሬታ-ሕክምና - ንተሓከምቲ ዝተገዝራ ደቂኣንስትዮ

ኣብቲ መቐበል ሕክምና ኣዋላዲት፡ ምስታ ኣዋላዲት-ነርስ (Barnmorskan) ተራኽብኪ ናይ ወሃዮ-ምርመራ (cellprovtagning) ኣብ ትገብርሉ፥ ምኽሪ መከላኸል-ጥንሲ ኣብ ትረኽብሉ፥ ቅድሚ-ጥንሲ፡ ኣብ ጊዜ ጥንሲ ወይ ብድሕሪ-ጥንሲ ንዘሎው እዋናት፥ ብዛዕባ ምግራዝ ደቂኣንስትዮ ዘሎኪ ምስትንታንን ሕቶታትን ኣልዒልኪ ንኽትዘራረቢ ዕድል ኣሎኪ'ዩ።

እታ ኣዋልዲት-ነርስ (Barnmorskan) ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ ኣሎዋ። እቲ ምስጢር ናይ ምሓዝ ግዴታ፡ ነታ ተርጓሚት ውን ዚምልከት'ዩ። እታ ኣዋላዲት ብዙሕ ጊዜ፥ ተገዚርኪ ዲኺ? ብምባል ሕቶ ተቕርበልካ'ያ። ብኻልእ ዓይነት ኣገላልጻ፡ ንኣብነት ተኸንሺብኪ፡ ተቜሪጽኪ፡ ተጐንዲብኪ ወይ ባህላዊ-ኦፐረሽን ጌርኪ ዲኺ ወዘተ ዚብል ቃል ውን ክትጥቀም ትኽእልያ። እዚ ሕቶ'ዚ ዝቕርበልኪ ዘሎ፥ መታን ንስኺ በቲ ናይ ምኽንሻብኪ ምኽንያት፡ ምናልባት ኣጋጢሙኪ ክህሉ ዚኽእል ወይ ዚኽእሉ ሽግራት፥ ብሞያውያን-ሰባት ሕክምናዊን ስነኣምሮእዊን ሓገዝ ንኽትረኽቢ ብማለት'ዩ።

ምናልባት በታ "ኣዋላዲት-ነርስ" እቲ ሕቶ'ቲ እንተ ዘቀረበልኪ ውን፥ ባዕልኺ፡ ተገዚርኪ/ተኸንሺብኪ ምኺንኪ ንገሪ ኢኺ፥ ኣብ ርእሲኡ ውን ሽግራት እንተ ደኣ ኣሎኪ ኼይኑ፥ ብዛዕብኡ ሓበሬታ ሃቢ። እታ "ኣዋላዲት-ነርስ"፡ ኩሉ ጊዜ ንዓኺ ንኽትሕግዘኪ ክትፍትንያ!

ንምፍላጡ ኣገዳሲ ሓበሬታ!

ንሓደ ኣብ ሽወደን ዝነብር ሰብ፡ ብመሰረት ሕጊ ሽወደን፡ ዝኹነ ዓይነት ግዝረት-ደቂኣንስትዮ (ምኽንሻብ) ክፍጽም ኣይፍቀደሉን እዩ። እቲ ሕጊ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኬድካ ንዚግበር ግዝረት (ምኽንሻብ) ውን ዚኽልክል እዩ። እቲ ነዚ ሕጊ'ዚ ዘፍርስ ሰብ፥ ክሳብ ናብ 10 ዓመት ዝበጽሕ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ ክወሃቦ ይኽእል'ዩ።

ኣብ ጊዜ ሕርሲ ንዘጋጥም መቕደድቲ ወይ ምኽፋት ክስፈ ይኽእል'ዩ። መሸኒ ንኽተጽብብ ኢልካ እትወስዶ ስጉምቲ ግን ኣይፍቀድን እዩ።

እንተ ደኣ ንስኺ፡ ናትኪ ውላድ ወይ ካልእ ትፈልጥያ ቆልዓ፥ ኣብ ልዕሊኣ ግዝረት (ምኽንሻብ) ከም ዝተፈጸመ ጥርጣሬ ኣልዩኪ፥ ተወሳኺ ሓበሬታን ደገፍን ንምርካብ፡ ኣብቲ ዘሎኽዮ ኮሙን ናብ ዚርከብ፡ ናብ ቤትስልጣን ማሕበራዊ ጉዳያት (socialtjänsten) ወይ "ማእከል-ጥዕና ቆልዑ" ወይ "ማእከል ጥዕና ኣዴታት" ኣመልክቲ።

ካብቶም ልሙዳት ሽግራት፡ እዞም ዚስዕቡ ክኸኑ ይኽእሉ'ዮም፡-

- ንምሻን ከጻግመኪ ወይ ነዊሕ ጊዜ ከወስደልኪ ወይ ውን ኣብ ምሻን ከቐንዝወኪ ይኽእል'ዩ።
- ብተደጋጋሚ ናይ መገዲ-ሽንቲ ረኽሲ ይገብረልኪ ይህሉ'ዩ።
- ምስ ወርሓዊ-ጽግያት ሽግር ከጋጥመኪ፣ ንኣብነት እቲ ደም ንኽይወጽእ ክዕገት ይኽእል'ዩ።
- እቲ ወርሓዊ-ጽግያት ካብ ሽውዓተ መዓልቲ ንላዕሊ ኪቕጽል ይኽእልዩ። ወይ ውን እቲ መስርሕ ወርሓዊ-ጽግያት ኣቐንዛዊ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።
- እቲ ኣፍ ናይቲ ማህጸን፡ ብኽቢ ናይቲ ነኺል ጸታዊ ርክብ ንምግባር ጽቢብ ይኸውን። ወይ ውን ንምርኻብ ኣቐንዛዊ ይኸውን።
- ካልኦት ምስ ጸታዊ ዝምድና ዝተኣሳሰሩ ሽግራት ይህልወካ።
- እቲ ኣፍ ናይቲ ማሕጸን ውን ቆልዓ ንምውላድ ኣዝዩ ጸቢብ ይኸውን።
- ብዛዕባ'ቲ ዘሎካ ጸገማት ወይ ብዛዕባ'ቲ ዝተኸንሸብኪ ምኺንኪ ንምዝራብ ዘሎኪ ኣድላይነት ንምሕባር ትሽገሪ።

እታ "ኣዋላዲ-ነርስ" ነዞም ዚስዕቡ ነገራት ክትህበኪ ትኽእልያ፡-

- ሓበሬታን ፍልጠትን ብዛዕባ ዘይተገዝረ ብልዕቲ ከመይ ክመስል ከም ዚኽእል፣ ከምኡ ውን ሓበሬታ ብዛዓብ'ቶም ነንበይኖም ዓይነት ግዝረታት።
- ናይ ብልዕትኺ ምርመራ ክትገብሪ
- ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ንምኽፋቱ ኢልካ ዚግበር ናይ መጥባሕቲ ኣገባብ
- ሓበሬታ ብዛዕባ'ቲ ምስ ጥንሲን ሕርሲን ተኣሳሲሩ ክመጽእ ዚኽእል ሓደጋታት
- ብዛዕባ'ቶም ክህልዉኺ ዚኽእሉ ሕቶታትን ብዛዕባ'ቶም ዘሎዉ ባህሊታትን ዘሎኪ ሓሳባት ምዝርራብን
- ኣብቲ "መቐበል ሕክምና ኣዋለድቲ" ምስ ዶክቶር ቆጸራ ንምግባር፣ ወይ ውን ናብ "Amel-mottagningen" ኣብ "Södersjukhuset"፣ ምስ ዶክቶር ናይ ማህጸን ንምርኻብ መሰነይታ ወረቐት (remiss) ምልኣኽ'ዩ።

እዚ "Amel-mottagningen" ዝበሃል፡

እዚ "Amel-mottagningen" ዝበሃል፡ ነተን ተሞኩሮ ናይ ግዝረት ዘሎወን ኣንስቲ ዘቕንዐ ክሊኒክ'ዩ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ድማ፡ "ዶክቶራት-ማህጸን" "ኣዋለድቲ-ነርስታት" ከምኡ ውን "ኩራቶራት" (ኣማኽርቲ) ዘሎዎ እዩ። ኣብዚ "Amel-mottagningen" ክሊኒክ'ዚ፣ ሕክምናዊን መጥባሕታዊን ሓገዝ ከምኡ ውን ናይ ዝርርባዊ-ሕክምና ዝርከቦ እዩ። ብዘይ "መሰነይታ-ወረቐት" ናይ ሓኪም (utan remiss) ውን፡ ባዕልኺ ናብዚ "Amel-mottagningen" ክሊኒክ'ዚ ናብ "Södersjukhuset" ደዊልኪ ውን ቆጸራ ክትሕዚ ትኽእሊ ኢኺ።

ቴሌፎን፡- 08-616 27 00

ሰዓታት ምድዋል፡- ሰኑይ – ሓሙስ ሰዓት 8.00–12.00 ከምኡ ውን ሰዓት 13.00–15.00
ዓርቢ፡- ሰዓት 8.00–12.00



ኣብ 2019-03-01 "ብሓለዋ-ጥዕና ደቂ
ኣንስትዮ"፡ ዞባ ስቶክሆልም ዝተዳለወ ጽሑፍ።

Region Stockholm